መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት



# ናይ ጊደውን ውሑዳት ወተሃደራት

ጸሓፊ :- Edward Hughes
ገላጺ :- Janie Forest; Alastair Paterson
Alastair Paterson
ኣወሃሃዲ፣ Ruth Klassen
ትርጉም ፥ Daniel Efrem
ኣባዛሒ:- Bible for Children
www.M1914.org

BFC
PO Box 3
Winnipeg, MB R3C 2G1
Canada

©2021 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቁድ እዩ። ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣



ድሕሪ እያሱ ሙሟቱ ፡ ኩሎም እስራኤል ንኣምላኽ ምእዛዝ ገደፍዎ፡ ህይወቶም ድማ ኣምላኽ ብዘይከብረሉ ንገዲ ኮነ። ኣምላኽ ድማ በቶም ጎረበቶም ዝኾኑ ህዝቢ ሚድያናውያን ቀጽዖም፡ ንሳቶም ንኩሉ ግራውትን

ገዛውትን እስራኤላውያን ኣንደዱ። ደቂ እስራኤል ድማ ኣብ ብዓቲ ዝነብሩ ኮኑ።



ሓደ እስራኤላዊ (ጊደውን) ኣብ ሕቡእ
ቦታ እኽሊ የቡቅል ነበረ። ንሱ ኣብ ሓደ
ሚዳናውያን ዘይፈልጥዎ ቦታ፡
ትሕቲ ዓባይ ገረብ ብናይ ወይኒ
ምሕምተሊ ይሕምትሎ ነበረ።
እቲ ቦታ ሚዳናውያን
ኣይፈለጥዎን፡

ኣምላኽ ግን ይፈልጦ ነበረ።
ኣምላኽ ድማ ናብ ጊድውን
መልእኽቲ ዝሓዘ
መልኣኽ ለኣኸሉ።

ኣምላኽ ድማ ንጊደውን፡ ነቲ ናይ ኣብኡ ዝነበረ ናይ ሓሶት ኣምላኽ ምስሊ ከፍርሶ ከምኡ ውን ንዕኡ ነቲ ሓቀኛ ኣምላኽ ዝከውን መሰውኢ ክሰርሕ ኣዘዞ። መጀመርያ እቶም ደቂ ዓዱ ከይቀትልዎ እኳ ኣንተፍርሔ፡ ጸንሑ ግን ከመቲ ኣምላኽ ዝበሎ ገበረ።



ኣምላኽ ድማ ወስኹ ንጊደውን፡ ንእስራኤላውያን መርሑ ኣንጻር እቶም ክፏኣት ሚዳናውያን ክስለፍ ኣዘዞ። ግደውን ግን ከምኡ ንምግባር ፈርሄ። ንኣምላኽ ድማ ምስኡ ምህላዉ መረጋገጺ ፍሉይ ምልክት ክህቦ ሓተቶ። ድሕሪዚ ጸምሪ ወሲዱ ኣብቲ ምድሪ ኣቀምጠ።





"እንድሕር እቲ
ጸምሪ ጥራይ ርሑስ
ኮይኑ፡ እቲ ካልእ ምድሪ ኩሉ ግና እንተደረቀ፡
ሽዑ ብኢደይ ንደቂ እስራኤል ከምተድሕኖም ክፈልጥ
እየ" ኢሉ ናብ ኣምላኽ ጸለየ። ከምቲ ጸሎቱ ድማ እቲ
ጸምሪ ጥራይ ጥሉል ኩሉ እቲ ምድሪ ግና ንቑጽ ኮነ!

ጊደውን ሕጂ ውን ምስ ኣምላኽ ምምልላስ ኣይወድአን። ንሱ እቲ ምድሪ ጥሉል፡ እቲ ጸምሪ ግን ድረቅ ክኸውን ደለየ። ንጽባሒቱ ንግሆ ድማ ከምቲ ዝበሎ፡ እቲ ምድሪ ጠለለ እቲ ጸምሪ ግን ንቑጽ ኮነ!



ጊደውን ድማ 32,000 ወትሃደራት ሒዙ ናብ ሚዳንያውያን ተበገሰ። ኣምላኽ ግን ናብ 300 ሰብኡት ኣጉደሎም። ኣምላኽ እስራኤላውያን " ባዕልና ኢና ዝስዓርና" ክብሉ ኣይደለዮምን። ኣምላኽ ባዕሉ ዓወት ሃቦም!



እቲ ዘገርም ጊደውን፡ ክሳዕ ሕጂ፡ ፈሪሁ እዩ ዘሎ። ኣምላኽ ድማ ሓደ ዘገርም ሕልሚ፡ ሓደ ሚዳንያዊ ወትሃደር ንካልኣዩ ወተሃደር ክነግሮ፡ ብሕቡእ የስምዖ ነበረ። ኣብቲ ሕልሚ፡ ቅጫ ጎጎ መጺኣ ንኩሉ ሰፈር ሚዳናውያን ኣዕነወቶ።



እቲ ካልኣዩ ወትሃደር ድማ ብፍርሃት
ከምዚ በሎ "እዚ. ሴፍ ናይ ጊደውን እዩ."
ነዚ ምስ ሰምዐ ጊደውን ኣምላኽ ዓወት
ከምዝህቦ ተረድአ።



ጊድውን ድማ ብለይቲ ክወሮም መደብ ገበረ። ንነፍሲ ወከፍ ወትሃደር ድማ መለኸትን ጥርሑ ዝኾነ ዳንሱ ምስ ዘብርህ ፋና(ብርሃን) ሃቦም። ከምዚ ገሮም ድማ ነቶም ሚዳናውያን ከበብዎም።



ጊደውን ምልክት ምስ ገበርሎም ድማ እቶም ወትሃደራት መለኸቶም ዓው ኣቢሎም ነፍሑ፡ ነቲ ዳንሱታት ድማ ሰበርዎ፡ነቲ መብራህትታቶም ድማ ኣብርህዎ። እቶም ሚዳናውያን ድማ ተሸበሩን ፈርሁን። ካበይ ዝመጸ ድምጺ እዩ! መን'ዩ መጺኡና?!! እንዳበሉ ሃደሙ!



ድሕሪ እዚ ዘደንቅ ዓወት ፡ ድቂ እስራኤል ጊድዑን ንክመርሖም ሕቶ ኣቕረቡ። ግደውን ድማ በሎም፡ "ኣነስ ኣይመርሓኹምን እየ ... ኣምላኽ ባዕሉ ድኣ ይምርሕኩም"። ኣምላኽ ኣብ ህይወት ደቂ ሰባት ክመርሕ ዘልዎ በይኑ ምኻኑ ጊድዑን ተረዲዎ ነበረ።



ናይ ጊደውን ውሑዳት ወተሃደራት

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

መሳፍንቲ 6-8

”ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።” መዝሙር 119፣130

# መፈጸምታ

15

60

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቒ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ! የውሃንስ 3፡16